ኣድጊ እንተኸደ ኣድጊ ይመጽእ !

.......... እቶም ንጉስ ንኽናፈሱ ንጫካ ገጾም ክኸዱ ምስ ደለዩ ፤ነቲ ኣማኻሪ ኩነታት ኣየር ናይ'ቲ መዓልቲ ምቹእ ምዃኑን ዘይምዃኑን ከረጋግጽ ነጊሮሞ ፤ ጽቡቕ ምዃኑ ምስ ኣረጋገጸሎም ፤ ቆልዓ ሰበይትን ኣሰነይቶምን ሒዞም ከዱ።

ጌና 'ቲ ናይ ምንፋስ መደብ ከይተፋረቐ ፤ ብብርቱዕ ንፋስ ዝተሰነየ ብርቱዕ ዝናብ ሃሪሙ ኣሸገሮም። ሹዑ ናብታ ዝቐረበት ንበይና ዝነበረት ሓንቲ ኣግዶ ከይዶም ኣዕቀሉ ። እታ ኣግዶ ናይ ሓደ ኣራይ ዕንጨይቲ'ያ።

እቶም ንጉስ ነቲ በዓል ኣግዶ፡-

* እንታይ ደኣ ሎሚ ኣይወፈርካን ማለት ድዩ ? ኢሎም ምስ ሓተትዎ ፡-

- ከመይለ ክወፍር ! ብንግሆኡ ሎሚ ኩነታት ኣየር ሕማቕ ምዃኑ ፈሊጠ ስለ ዝነበርኩ ፤ ናይ ሎሚ ስርሐይ ኣዋዲቀዮ'የ በለ'ሞ ፤ እቶም ንጉስ ተገርሞም ፡-

* ኩነታት ኣየር ሕማቕ ክኸውን ምዃኑ ከመይ ገርካ ደኣ ብንግሆኡ ፈሊጥካ ? !

- ሳላ'ዚ ኣድገይ ! ኣእዛኑ ንግሆ ጢል እንተ'ቢሉወን እቲ ኩነታት ኣየር ሕማቕ ምዃኑ እርዳእ ፤ ጢል እንተዘይለን ከኣ እወፍር። ምስ በለ ፤ እቶም ንጉስ ኣብ ክንዲ'ቲ ኣማኻሪኦም እቲ ኣድጊ ኣማኻሪ ክኾኖም ወሰኑ።

ባዓል ኣድጊ ኸኣ በቲ 10 ኣእዱግ ዘግዝእ ዝሃብዎ ገንዘብ ተመሲጡ ፤ ኣድጊ እንተኸደ ኣድጊ ይመጽእ ብማለት ኣድጉ ሃቦም ።

ካብታ ዕለት እቲኣ ኸኣ ኣእዱግ ሕማቕ ለይቲ ኣይሓደሩን ፤ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ከም ዝተመርጹ ኣማኸርቲ ኮይኖም ሰሪሖም ጥራሕ ዘይኮነስ ፤ ካብዚ ሓሊፎም ኣብዘን ቀረባ ዓመታት ክሳብ ን ኣለና ዝብላ ዓበይቲ ሃገራት ምምራሕ በጺሖም ' ዮም ! ! !

ኣድጊ ብኣድጉስ ዘይራጋሕ ኣድጊ ይሃበና ዘብል ዘመን'ዩ !

ኼር ዘለዎ ዒድ

AAHafiz 11/5/2021